# ፫ይ ሰንበት ዘአስተርእዮ

## የካቲት 1 2018 ዓ.ም.(2/08/2026)

*መዝሙር:* ተወልደ ኢየሱስ በቤተልሔም ዘይሁዳ...ኢየሱስ ብዓቢ ክብሪ ካብ ድንግል አብ ቤተልሔም ዘይሁዳ ተወሊዱ፥ተወሊዱ ተጠሚቑ ብልደቱ ምእንቲ ክንሕጎስ ብግልጸቱ ደስ ክብለና ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዐ።

*ንባባት:* 1ቆሮ 7፡32-35፥ 1ጴጥ 1፡13-22፥ ግ.ሓ. 19፡1-10፥ ማር 1፡21-28።

*ምስባክ:* አምጽኡ ለእግዚአብሔር በሓውርተ አሕዛብ፡ አምጽኡ ለእግዚአብሔር ክብረ ወስብሓተ፥ አምጽኡ ለእግዚአብሔር ስብሓተ ለስሙ። መዝ 29፡1-2።

ዘመን ዘአስተርእዮ ኢና ዘሎና፥ ወዲ አምላኽ ከማና መሲሉ ፍቕሪ አምላኽን መገዲ ድሕነት ክገልጽ አብ አምንነና ዝኃደሮ ዝሕብር ቅዱስ እዋን ኢና ዘሎና። አብ መዓልቲ ሰንበት አብ መስዋዕቲ ቅዳሴ ሓቢርና ክንጽሊ ከሎና አብ ዝለዓለ መግለጺ ፍቕሪ አምላኽ ንርከብ። አምላኽ ብርእሱ ሰዋዕን ተሰዋዕን ኮይኑ ይቐርበና ስለዚ ነዚ ርኡይ ግለጸት ተረዲእና ብወገና ንጣዕሚ ፍቕሪ ክነስተማቕር እሞ አብ ትህቲ ሥልጣን ኢየሱስ ክነብር ፍቓደኛታት ክንከውን።

አብ ዝሓለፉ ክልተ ሰናብቲ መጀመርያ ኢየሱስ አብ ሩባ ዮርዳኖስ ብዮሓንስ ከም ዝተጠምቀን፥ ትርጉምን ዓላማን ተልእኮኡ ከም ዘስተምሃረ፥ ከምኡ ምስኡ ኮይኖም ነቲ ንሱ ዝገበሮ ዝገብሩ ቀዳሞት አርድእቱ ከም ሓረየ ርኢና። አብ ናይ ሎሚ ሰንበት ከአ ተልእኮኡ ብዕሊ ከም ዝጀመረ ንርእዮ።

አብ መጽሓፍ ዘዳግም 18፡15-20 ዘሎ እንተ አንበብና እቲ እግዚአብሔር ብሙሴ አቢሉ ንደቂ እስርኤል አተስፍይዎ ዝነበረ አብ ኢየሱስ ከም ዝተፈጸመ ንርኢ። እግዚአብሔር አምላኽኩም ካብ ማእከልኩም ካብ ህዝብኹም ከማይ ዝበለ ነቢይ ኼተንሥአልኩም እዩ፥ ንእኡ ስምዕዎ ይብሎም። ኢየሱስ ከም ማንም ሰብ ኮይኑ አብ ምድረ ፍልስጢአም ተራእዩ። ግን ነብይ እዩ፥ ከም አብዚ እዋን እንርእድኦ ትርጉም አብ መጻኢ ዝመጽእ ወይ ዝገጥም ዝነግር ዘይኮነስ ከም ሓደ ቃል እግዚአብሔር ዝዛረብ ኮይኑ ቀሪቡ።

አብ ናይ ሎሚ ወንጌል ካብ ቅ. ማርቆስ ዘንበብናዮ ኢየሱስ ምሉእ መዓልቲ ከስተምህር ንሕሙማት ከሕዊ ከም ዝወዓለ እሞ በዚ ኸአ ቀንዲ ዓላማ አገልግሎቱ ከምዘርአየ ንርኢ። አብ ሓባራዊ ስርዓት አምላኾ ይሕወስ፥ የስተምህር፥ ሕሙማት የሕዊ፥ ካብ ርኹሳት መናፍስቲ የሕዊ፥ ንብሕቱ ኾይኑ አብ ጽምዋ ይጽሊ። ነዚ ኹሉ ዝረአየ ህዝቢ ብዝገርም አድንቖት ክሰምዕዎ ይስዕብዎ ነሮም። ልቡ አብቲ ኢየሱስ ዝብሎን ዝገብሮን ዘስተውዓለ ሰብ ንክስዕቦ አየጸግሞን እዩ፥ እዚ እዩ አብዞም ህዝቢ ዝስዕብዎ ዝነበሩ እንርእዮ። ንሕናውን ንቃል አምላኽ ሰሚዕና ነቲ ንሱ ዝብለና ክንገብር ንንገር አሎና።

(አብ ወንጌል ማርቆስ ሰለስተ ዓይነት ሰባት ንርኢ፥ ሰለስቲኦም ነቲ ኢየሱስ ዘስተምሃሮን ዝገበሮን ብዝተፈላለየ መገዲ መልሲ ይህቡሉ። አርድእቱ፥ መራሕቲ ሃይማኖት፥ ሓፋሽ ህዝቢ። እቲ ዘገርም እቲ ሓፋሽ ህዝቢ ጥራሕ እዩ ነቲ ሓቀኛ መልእኽቲ ክቕበልን ክርዳእን ክአምንን እንርእዮ)።

ኢየሱስ ብመዓልቲ ሰንበት አይሁድ ምስ ደቂ ዓዱ ብቅሉዕ ብሥልጣኑ ኣብ ማእከሎም ኮይኑ ከም ዘስተምሃረ ንርኢ። ኣብዚ እንርእዮ ኢየሱስ ከም ማንም ኣይሁዳዊ ኩሉ ስርዓታት ዘኽብር ንእምነቱ ኣብ ዕለታዊ ሕይወቱ ዝነብሮ እዩ ነሩ። ንኣይሁዳዊ እምነት ኣብ ሕቶ ምልክት ኣእትይዎ ኣይፈልጥን፥ ንሱ ዘይሕጎሰሉ ዝነበረ ግጉይ መገድን መንፈስን፥ ብግብዝና ብኻልእ ብልሽውናን ተዓብሊሉ ብመራሕቲ እምነትን ስርዓትን ዘይመገዱ ንዝኸይድ ዝነበረ እዩ ዝቋወም ዝነበረ። ከምቲ ኣብ ማቴ 5፡17 ዝብሎ ንሕጊ ሙሴ ኾነ ንነብያት ክፍጽሞም ደኣ እምበር ክስዕሮም ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም ዝበሎ እዩ።

ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ዝግበር ኣገልግሎት ብመሰረቱ ኣብ ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍን ናይ ጸሎት ኣገልግሎት ዘተኮረ እዩ ነሩ። መስዋዕቲ ኣይ ዓርግን እዩ፥ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ ኢየሩሳሌም ጥራሕ እዩ መስዋዕቲ ዝዓርግ። ብዙሕ ጊዜ ራሕቂ ስለ ዘለዎ ውሑዳት ኢዮም ንኢየሩሳሌም ከይዶም መስዋዕቲ ዘዕርጉ መብዝሕትኦም ኣብ ምኵራብ እዮም ጸሎቶም ዘዕርጉ። ኢየሱስ ሓደ ጊዜ ወይ ከም ኩሎም ኣብ ዓበይቲ ብዓላት ጥራሕ እዩ ዝኸይድ ዝነበረ።

እቶም ካብ ኢየሩሳሌም ኣብ ርሑቕ ቦታ ዝርከቡ ኣይሁድ ቀዳም ኩሉ ጊዜ ኣብቲ ከባቢኦም ዘሎ ቤት ጸሎት ከይዶም ሓባራዊ ኣምልኾን ጸሎትን ይገብሩ ነሮም። ዝገብርዎ ስርዓተ ኣምልኾ ግሩህን ቀሊልን እዩ ነሩ፥ንባብ ካብ ቅ. መጽሓፍን (ካብ ብሉይ ኪዳን)፥ ሓደ ዝፈልጥ ክእለት ዘለዎ ኸአ ይሰብኽ/የስተምህር። ኣብ ቤተ ጸሎት ካህን ወይ ብክህነት ዘገልግል ኣይ ነበረን። (እዚ ኣብ ቤተ መቕደስ ዝተሓጽረ እዩ)። ኢየሱስ ኣብ ኢየሩሳሌም ምስ ከደ ጥራሕ እዩ ምስ መራሕቲ ሃይማኖት ኣይሁድ ዝገራጮ ዝነበረ። እዞም ኣብ ቤተ ጸሎት ዘገልግሉ ምስ ፈሪሳውያን ወይ ጸሓፍቲ ከይነደባልቖም ምጥንቃቕ የድልየና።

ኣብ ቤተ ጸሎት/ምኩራብ ዝኾነ ሰብ ተንሲኡ ከስተምህር ይኽእል እዩ። ኣብዚ ፍሉይ ቀዳም ኢየሱስ ከስተምህር ተሓቲቱ፥ ድሮ ከስተምህር ከምዝኽእል ይፍለጥ ነሩ እዩ። ከስተምህሮም ጅምር ምስ ኣበለ እቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ከም መማህራኖም ዘይኮነ ፍልይ ብዝበለ ከም ዘስተምህር ዘሎ ክፈልጡ ክእሎም። ጸሓፍትን ክኢላታት ሕጊ ከስተምህሩ እንከለዉ ነቲ ዝተውህበ ሕጊ ትርጉሙ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ እዮም ዝነግሩ ነሮም። ኢየሱስ ከስተምህር እንከሎ ግን ብስልጣኑ እዩ ኣስተምሂሩ። እቲ ህዝቢ እቲ ዘስተምህሮ ዝነበረ ካብ ካልእ ዝወሰዶ ትምህርቲ ከምዘይ ኮነ ክርእዩ ክኢሎም። ናይ ገዛእ ርእሱ ትምህርቲ እዩ ዘስተምህር ዝነበረ። ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ከም እንሰምዖ ከምዚ ከም እተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም ኣነ ግን እብለኩም ኣሎኹ እናበለ ካብ ርእሱ ከም ዝዛረብ ገሊጹ።

ኢየሱስ ስልጣን ከም ዘለዎ ጥራሕ ኣይኮነን ተዛሪቡ፥ ብግብሪ ብስልጣን እዩ ኣስተምሂሩ። ከምዚ ኢሉ እናተዛረበ ኣብኡ ሓደ ሰብኣይ ሰይጣን ዝሓደሮ ነሩ። እዚ እንታይ ማለት እዩ? ርኹስ መንፈስ ዝሓደሮ ሰብ ርኢኻ ትፈልጥዶ? ብሰይጣን ዝተገዝአ ሰብ ገጢሙካ ትፈልጥዶ?ሓደ ክንዝክሮ ዘሎና ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ዝነበረ ርድኢት ዓለም ብመናፍስቲ ዝመልአት እያ ነራ፥ ገሊኦም ዝጠቕሙ ገለ ኸአ ዝጎድኡ። ኣብ ኩሉ እዮም ዝርከቡ ንሰብ ብዝኾነ መገዲ ከጥቅዕዎ ወይ ክሕግዝዎ ይኽእሉ። ኣብ ገለ እዋናት ንገለ ሰባት ከጥቅዑልካ እውን ክትሓቶም ትኽእል ንኣብነት ንገለ ሕነኻ ክትፈድየሎም እትደሊ ሰባት ዝብል እምነት ኣብ ብዙሓት ነሩ።

እዚ ነገራት ሎሚ ኣብዚ እዋና ከይተረፈ ገኒኑ ዘሎ እዩ። ኣብ ሃገርና ብዝያዳ ዝዝውተር ዘሎ ካብ ድኽመት መንፈስን እምነትን እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ብሓቂ ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ቡዳ ጥንቆላ ምፍዋስ ዝብሉ ዳርጋ ኩሉ ሰብ ኣሚንሉ ብዙሓት ካብ እምነት ርሒቖም ኣብኡ እምነት ገሮም ዝነብሩ ኣለዉ። ፈዊሱኒ ፈዊሳትኒ ዝብል እሞ ገኒኑ ኣብ ስድራታት ዓቢ ጽልእን

ቅርሕንትን ይፈጥር አሎ። ኣብ ምሉእ ዓለም ኣብቶም ዝልዓለ ስልጣኔ ኣሎና ዝብሉ ከይተረፈ ኣሎ። ገለ ቦታታት፥ መቓብር፥ ከምኡ መዓልታት ከይተረፈ ኣብዚ ዕለት ጽቡቕ ኣብዚ ግን ኣይከውንን ዝብሃል ኣሎ እዚ ኹሉ ምስ ሰይጣን ስለ እንተሓሕዞ እዩ።ኣብ መስተ ኣብ መግቢ ጽላሎት፥ ተደፊኑኒ፥ ኣንጸላልዩኒ ርእዩኒ እናተባህለ ንሰባት ከም መናፍስቲ ሓሲብካ ካብኦም ምህዳም ሕሉፍ ሓሊፉ ምስኦም መውስቦ ምእባይ ናይ ዘመና ኃጢአት ብመንፈስ ሰይጣን ዝተወርሶ ሕይወት ዝብሎ ነጊሱ ይርከብ።

ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ሓደ ሰብ ብስንክልና ወይ ሕሙም ኮይኑ እንተ ተወልደ ርኹስ መንፈስ ኣለዎ ዝብል ርድኢት ነሩ። ከም ሕማም ባርያ፥ ዘንቀጥቅጥ ሕማም፥ ጽላለ ኩሉ ብርኹሳት መናፍስቲ ዝተወርሰ ጥራሕ ዝሓሞ እዩ ዝብል ርድኢት ነሩ። ብሰንኪ ርኹሳት መናፍስቲ ሰባት ክዛረቡ ወይ ክንቀሳቐሱ ኣይክእሉን እዮም። ርኹስ መንፈስ ብምልኡ ተቖጻጺርዎ ኣሎ ማለት እዩ። እዚኦም ርኹሳት መናፍስቲ ዝብሃሉ ብሓቂ ኣለዉዶ? ኩሉ ሓቂ እዩ ክትብሎ ከቢድ እዩ። ገለ ካብቲ ሕማማት ብሕክምና መልሲ ተዋሂብዎ ኣሎ። ብዝኾነ ኣብ ገለ ክፍሊ ዓለም ሰባት ብርኹሳት መናፍስቲ ከም ዝተተሓዙ ነሮም፥ ኣብ ኢየሱስ ምስ ቀረቡ ኹሉ ብምሉእ ሓውዮም ነጻ ኮይኖም።

## ናይ ዘመና ርኹሳት መናፍስቲ።

ኣብ ዘሎናዮ ዘመን ርኹሳት መናፍስቲ የለዉን ኢልካ ክትክሕድ ጽጉም እዩ። ኣብ ገለ ሰባት ዝወርድ ስቓይን ውርደተን ብገለ ከምኦም ዝአመሰሉ ክትርኢ ከቢድ እዩ። ብወገና ሓንቲ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና ኢልና ዕሽሽ ክንብል እንከሎና ናይ እቲ ጸገም ተኻፈልቲ ኢና።

ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ሰባት ዝተፈላለየ ኃይልታት ርኹስ መንፈስ ከምዘለዉ ይኣምኑ ነሮም። እዚኦም ኃይልታት ርኹስ መንፈስ እዮም ናይ መልስቲን ፍርሕን ጠንቅን ዝነበሩ። እታ ቀንዲ ኢየሱስ ዝገበራ ንሰባት ካብዚ ከቢድ ፍርሒ ነጻ ምግባሮም እዩ። እቲ ቀንድ ዘፍርሒ ዝነበረ እቲ ርኹስ መንፈስ ብርእሱ ዘይኮነ እቲ ብሰንኩ ዝመጽእ ኢልካ እትፈርሖ እዩ። ኣብ ሕይወትና እቲ ቀንዲ ሓቂ ነገር ኣይኮነ ንነጻነትና ዝድርቶን ሳዕበን ዝገብረሉን እንታይ ድአ እቲ ብወግና ዘሎና ርድኢትን ንሕና ከመይ ኢልና ከም እንርእዮን እዩ። (ንኣብነት ኣብ ናይ ሓደ ሰብ ዓራት ናይ ጎማ ተመን እንተ ገበርና እቲ ሰብ ኣብ ዓራቱ ምስ መጸ ነቲ ናይ ጎማ ተመን ምስ ረአየ ዝርእዮ ፍርሕን ስንባደን ኣስተውዒልና ንፈልጥዶ?)። እንታይ እዩ ከም ዘእውዩ ዝገብሮም? ንእሽቶ ቁራጽ ጎማ ወይስ እቲ ኣብ ሓንጎሎም ዘሎ ፍርሒ። መብዝሕትኡ ዘፍርሓና እቲ ኣብ ስምኢትና ወይ ኣእምሮና ቀሪጽናዮ ዘሎና እዩ።

ኢየሱስ ኣብቲ ቤተ ጸሎት ኣብ ቅድሚ እቲ ርኹስ መንፈስ ወላ ሓንቲ ፍርሒ ኣየርኣየን። "ሱቕ በል ካብኡ ውጻእ" እናበለ ክወጽእ ኣዚዝዎ። እቲ ርኹስ መንፈስ ከአ ነቲ ሰብ ፈርፈር ኣበሎ ብዓቢይ ድምጺ እናጨረሐ ኹሉ ካብኡ ወፀ ይብለና፥ ሽዑ እቲ ሰብ ነጻ ምሉእ ኮይኑ።

ሎሚ እንታይ እዩ ኣብ ሕይወትና ዘፍርሓና? ካበናይ መንፈስ ኢና ብዝያዳ እንፈርሕ? ኣዮናት ቦታታት፥ ሰባት፥ እዮም ነቲ ክንገብሮ ዝግብኦና ከይንገብር ዝዓግቱና ወይ ነቲ ክንኮና ዝግብኦና ዓይነት ሰብ ከይንኸውን ዝዓግቱና ዘለዉ። ቅድም ቀዳምም ኣብ ውሽጥና ዘሎ ፍርሒ ባዕልና ክንለልዮ ክንፈልጦ ኣሎና ናብ ካልኦት ሰባት ከየጸጋዕናዮ። ሓንሳብ ምስ ኣለለናዮም ኣብ ኢየሱስ ቀሪብና ካብኡ ነጻ ክገብረና ክንልምን ኣሎና። ንርእስና ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ኢየሱስ ንግበር ሽዑ ንሱ ነጻ ክገብረናን ከንጽሓናን እዩ። እምብኣር እቲ ቀንዲ ወሳኒ ነግር ምስ ኢየሱስ ዘሎና ጥቡቕ ርክብ እዩ፥ ልዕሊ ኹሉ ብምሉእ እምነትን ንጹሕ ልብን ቅ. ቍርባን ክንቅበል እንከሎና ዝዓበየ ፈውስን ጽንዓት ዝህበናንን እዩ።

እቶም ኣብ ቤተ ጸሎት ዝነበሩ ህዝቢ በቲ ዝኾነ ነገር ተገሪሞም። እንታይ ድአ እዩ እዚ ሓዲሽ ትምህርቲ እዚ ንርኹሳት መናፍስቲ ብሥልጣን ዚእዝዞም ንሳቶምውን ዚእዘዝዎ እናበሉ ንሓድሕዶም እናሓተቱ ተገረሙ፥ ዝናኡ ድማ ሽዑ ንሽዑ ኣብ ኵሉ ኸባቢ ተሰምዐ።

ኣብዚ ቅ. ማርቆስ ኢየሱስ ከመይ ኢሉ ኣብ ሓጺር ጊዜ ኣብ ሕይወት ሰማዕቱ ዓቢ ለውጥን ርድኢትን ከም ዘምጽአ ይነግረና። ናይ ድሕነት ተልእኽኡ መንግስቲ ኣምላኽ ቀሪባ እያ ተነስሑ እመኑ እናበለ ጀሚሩ። ሰባት ነቲ ብኢየሱስ ዝውሃብ ኃይሊ ይምከሩሉ ግን እንታይ ዓይነት ኃይሊ እዩ? ናይ ስልጣን ናይ ምልኪ ድዩ ወይስ ካልእ ኃይሊ። ኣብዚ ሥልጣን ዝብል ቃል ትርጉሙ ኣብ ውሽጢ ሓአ ሰብ ዘሎ ነገር ምብዛሕ  ወይ ከም ዝዓብን ዝድልድልን እዩ ዘስምዕ።

ሓቀኛ ስልጣን ብዙሕ ጊዜ ከምቲ ንሕና እንርድኦ ወይ እንትርጉሞ ኣይኮነን ማለት ኣብ ልዕሊ ሰባት ናይ ምልኪ ኃይሊ ረኺብካ ንስኻ እትደልዮ ከም ዝገብሩ ምግባር ኣይ ኮነን። ሓቀኛ ሥልጣን ንሰባት ንነገራት ከምቲ ዝድለ ከምዝገብሩ ምግባሮም ማለት ነቲ ክግበር ዝግብኦ ክገብሩ ምምርሖም ምሕጋዞም እዩ። ካብ ገዛእ ርእሶም ከም ዝወጽኡ እሞ ከም ሰባት ከም ዝዓብዩ ምግባሮም። ነቲ ኣብ ውሽጦም ዝርከብ ፍሉይ ህያባት ከምዘበርክቱ ምግባሮም እዩ።

ሥልጣን ብቐሊል ዘይመልክዕ ክለብስ ዝኽእል እዩ፥ ኣብ ትዕቢት ኣብ ምልኪ ኣብ ኣንነት ከምኡ ንኻልኦት ጨኵንካ ኣነ ዝብሎ ጥራሕ እዩ እቲ ሓቂ ስለዚ ስምዑኒ ተኣዘዙኒ ኢልካ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ንዝወርድ ግፍዕን ዓመጽን ጠንቂ ክትከውን ይክኣል። ኣብ ሃይማኖት እውን መራሕቲ መዝነቶም ክዝንግዑ ከለዉ ኣብ ኣኽራርነት ኣብ ግጉይ እምነት ኣብ ዘይ ምእዛዝ ወይ ንሰባት ከም ድራግ ኣእምርኦም ተቖጻጺርካ ኣብ ሓሶትን ግጉይን መንፈስ ከም ዝነብሩ ምግባር፥ ነቲ ለቢስካዮ ዘሎኻ መዝነት ንጥቕምኻ ምውዓሉ ዝዓበየ ጸገም ናይ ዘመና እዩ። ኣቡናት ካህናት ደናግል ናይ ብሓቂ ኩልና እቲ ለቢስናዮ ዘሎና ኣብ ግብሪ እንተ ነውዕሎ ዓለማ ዝሓሸትን ሰላም ዝመልአ ብትስፋ እትነብር ምኾነት ስለዚ ሎሚ ንዓለምና እንቕይራ ንሕና ብሕይወትና ኢና። እምብአር ኩሉ ሓላፍነት ዝለበሰ ንኣገልግሎት እዩ ዝወፍር።

## ሥልጣን ከም ኣገልግሎት፡

እዚ ዓይነት ኣገልግሎት እዩ ኢየሱስ ዘስተምህረና ዘሎ። ንሱ ንሰባት ክገዝእን ክቆጻጸርን ኣይ መጽአን፥ ባዕሉ ደጋጊሙ ከምዝብለና ዝመጽኦ ከገልግል እምበር ክግልገል ኣይ ኮነን። ልዕሊ ኹሉ ዝመጽኦ ንደቂ ሰብ ነጻ ክገብር፥ በዚ ምኽንያት ብነጻነቶም ንኹሉ ነቲ ከፍርዩሉ ዝኽእሉን ከበርክትዎ ዝኽእሉን ኣብ ውሽጦም ዘሎ ኃይሊ ምስቲ ኣምላኽ ኣብ ውሽጦም ዝሃቦም ከወሃህዱ እሞ ኣብ ጽቡቅ ከውዕሉ ምእንቲ እዩ። ንሱ ካብ ኩሉ ናይ ፍርሓት ርኹሳት መናፍስቲ፥ ዘንፈርፍሩ፥ ጸቢብ ንእይ ይጥዓመኒ ዝብል፥ ቁጥዓ፥ መሪር ቅሬታ፥ ጽልእን ዓመጽ ንሰባት ጽቡቅ ንኸይነብሩ ዝዓግቶም ነጻ ኣውጺእዎም እዩ። ኣነ ዝመጻእኩ ሕይወት ብምልኡ ምእንቲ ክርኽቡ እዩ ኢሉና።

ከምዚ እንተ ድአ ኮይኑ ክንደይ ዘሕዝን እዩ ብዙሓት ሰባት ኣብ እምነት ክርስትና እሙን ኮንካ ምንባር ከም ተጽዕኖን ክግበር ከም ዘይክእል ተራእዩ ንብዙሓት ጨኵንካ ምንባር ከም ልሙድ ኮይኑ ዝንበር ዘሎ። ቤተ ክርስትያን ክሳብ ክንደይ እያ ብሓላፍነት እትሕተት እዚ ብግሁድ እንርእዮ ዘሎና ዓመጽ ጭቆና መልእኽቲ ወንጌል ከም ግቡእ ስለ ዘይተሰብከ ምዃኑ? መልእኽቲ ክርስቶስ ኣብ ኩሉ እንተ ነብጽሖ ዓለምና ብዙሕ ለውጢ መምጽአት ግን እቲ ተርእዮ ብኣንጻሩ እዩ። ብዙሓት ጓሶት ሓላፍነቶም ዘንጊዖም ናይ ክርስቶስ ዘይኮነ መንፈስ ለቢሶም ዝጓስዩ ስለ ዝበዝሑ እዩ ጸጊሙና ዘሎ ስለዚ ልኡኻት ክርስቶስ ካብ ኮና መልእኽቲ ክርስቶስ ኣብ ኩሉ ነብጽሓዮ።

ሎሚ እምብአር ሓቢርና ንኢየሱስ ንቕረቦ እሞ ካብ ኩሉ ነጻነትና ገፊፉ ንሓቂ ንፍትሕን ንነጻነትን ከይንዕጠቅ ዓጊቱና ዘሎ ነጻ ከውጽአና ንለምኖ። ካብቶም ኩሎም ጸማማት፥ ዓባሳት ዕዉራትን ብፍርሒ ልሙሳት ገሮምና ዘልዉ ከውጽአና ንለምኖ።

በዚ ፫ይ ሰንበት ዘአስተርእዮ እምብአር ንኹሉ ርኢና ክንክእል እሞ አብ አምላኽ ምሕረት አሚና ምሓረና አንጽሓና ካብ ኩሉ ርኹስ መንፈስን ሰብ ዝፈጠሮ ጭቆናን ነጻ እንወጽአሉ ክንሓስብ እሞ ንሽማና ዝበሉ አሕዋትና መጀመርያ ካብ ዝኾነ ዝጭቁናም ነጻ ዝወጽእሉ መገዲ ክንሕብሮም ብወገና ኸአ ካብ ዝኾነ ንነጻነት ሰብ ዝገጽፍ ነጻ ኮይና ንሓቂ ንፍትሒ ክንዕጠቕ ንክአል ኩሉ አምላኽ ንለምኖ።

ክፉት ልቢ አምላኽ ዝሓድሮ ሒዝና ንሰላምን ፍቕርን ምርድዳእን ንወፈር። ክርስቶስ መድኃኒና ስዒቡኒ ንሰባት አብኡ እነምጽእ ክገብረና ይጽውዓና አሎ። ንሰባት ካብኡ ክርሕቑ ምኽንያት ከይንኾኖም ልቦና የድልየና። ኦ አምላኽይ ናትካ ኮይነ ክርከብ ሓግዘኒ ንበሎ።

ብሩኽ ሰንበት ዘመነ አስተርእዮ።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ